# ባይቶ ጸጥታን ኤርትራን
# ምኽንያት ምሕላፍን ምልዓልን እገዳ እንታይ'ዩ?



**ብዶ/ር  ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ14 ሕዳር 2018፡ ነቲ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብውሳነ ቁጽሪ 1907 ዘሕለፎ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብምሉእ ድምጺ ብውሳነ ቁጽሪ 2444 ኣልዒሉዎ ኣሎ። ቅድሚ ሓቀኛ ምኽንያት ናይ'ቲ ንምልዓል ውሳነ እገዳ ካብ ኤርትራ ዝደረኸ ረቛሒታት ምቅራብና እምበኣር፡ ባይቶ ጸጥታ ነቲ እገዳ ንምሕላፍን ንምልዓልን ዝቀረቦ ምኽንታት ምጥቃስ ኣገዳሲ ይኸውን።

**ቀዳማይ፦ ምኽንያት ምሕላፍ እገዳ**

እቲ እገዳ ንምሓላፍ ዝቀረበ ምኽንያት ከምቲ ኣብ ውሳነ እገዳ ቁጽሪ 1907 ተጠቒሱ ዘሎ ኣብ ሓደ ነጥቢ ተጸሚቑ ክቀርብ ይኽእል። ንሱ ኸኣ "ኤርትራ ነቶም ኣብ ሶማል መስርሕ ሰላምን ሃገራዊ ዕርቂን ንምዕንቃፍን ርግኣት ዞባ ንምህዋኽን ዝሰርሑ ዕጡቓት ጉጅለታት ፖለቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ሓገዛት ትህብ ኣላ" ዝብል እዩ።

**ካልኣይ፦ ናይ ይምሰል ምኽንያት ንምልዓል እገዳ**

ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ቲ ዘሕለፎ ውሳነ ቁጽሪ 2444፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ናይ ኣጽዋር ምግዛእን ምድስካል ገንዘብን መገሻታትን ዝጸንሐ እገዳ ንምልዓል ክልተ ቀንዲ ምኽንያታት ኣቐሪቡ።

1- ባይቶ ጸጥታ፡ “ንቁጽሪ 16ን 17ን ውሳነ እገዳ 1907 ናይ 2009 ብምጥቃስ፡ ተቀጻጻሪ ጉጅለ ኣብዚ ናይ ሕጂ ስልጣኑ ይኹን ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ናይ ስራሕ ስልጣኑ ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሸባብ ከም እትሕግዝ ዘረጋግጽ ጭብጢ ክቕርብ ኣይከኣለን” ክብል ገሊጹ።
2- “ባይቶ ጸጥታ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ካብ ዕደና ዝርከብ ኣታዊታት ነቲ ንጥሩፋት ምንቅስቓሳት ሶማል ሓገዝ ከይውሃብ ዝኽልክል ውሳነታት 1844 [2008]፡ 1862 [2009]፡ 1907 [2009]፡ 2023 [2011]፡ ብምኽብሩ ልዑል ሚዛን ይህቦ ይብል”።

ኣብዚ ብህጹጽ ዝለዓል ዓቢ ሕቶ እምበኣር፡ “ተቀጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን” እንተ ድኣ ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሸባብ ከም እትሕግዝ ጭቡጥ መርትዖ ዘይረኸበ፡ ከምኡ ድማ ካብ ዕደና ዝርከብ ገንዘብ ውሳነታት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ምግሃስ ዝኾነ ይኹን ተራ ዘይነበሮ እንተኾይኑ፡ ስለምንታይ ድኣ'ዩ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራውን ስነ-ኣእምራውን ሳዕቤን ዝነበሮ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣሕሊፉ? ልዕሊ ኩሉ ዘገርም ድማ፡ እቶም ነዚ ፖለቲካዊ ገበን'ዚ ኣብ ምሕላፍ ግደ ዝነበሮም ከም ባይቶ ጸጥታ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን በቲ ዝፈጸምዎ ፖለቲካዊ ገበን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ይቕረታ ከይሓተቱ ነቲ እገዳ ካብ ኤርትራ ብምልዓሉ ብሓጉስ ከምዝቕበሉዎ ምግላጾም እዩ። እዚ ነቲ ኤርትራ ንባይቶ ጸጥታ እንተ ድኣ ከሲሳ ወይ ሓቲታ ክትረኽቦ እትኽእል ሞራላውን ፋይናንሳውን ካሕሳ ከይተዛረብና ማለት እዩ።

**እቲ ሓቂ፡** ምምሕዳር ኣሜሪካ ምስ ውድብ ኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ምስ ገለ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ኣብ ባይቶ ጸጥታን ውዒት ምስ ኣለመ፡ “ተቀጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን” ናብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ምስ ኣቕረበ፡ ባይቶ ጸጥታ ድማ ኣብ ድሮ በዓል ልደት 2009 ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተሰመመ ህያብ ኣቕራቢሉ። ከም

ዝፍለጥ ገለ ሃገራት ከም ሩስያ ኣንጻር ኤርትራ እገዳ ኣብ ምሕላፍ ምድማጸን ኣጣዒሱወን እዩ። እዚ ግን ግዜ ምስ ሓለፈን ብሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ምስ ተበየነን እዩ። ገለ ካብ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ዘሰቀጣ'ውን ነይረን።

**ሳልሳይ፦ እገዳ ንምሕላፍ ዝደረኸ ሓቀኛ ምኽንያት**

መሰረት ናይ'ቲ ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ማለት ምምሕዳር ፕረዚደንት ቢልክሊንቶን፡ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶን ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማን ጉዳይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብናይ ስርዓት ወያነ ኢትዮጵያ ውክልና ንምምሕዳር ዝተኸተልዎ እስትራተጂ'ዩ ዝምርኮሰ ። ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ ውሳነኣ ምሉእ ናጽነት ስለዘለዋ፡ ንኸምዚ ዓይነት እስትራተጂ ንምትግባር ንኤርትራ ከም ቀንዲ ዕንቅፋት'ዮም ርእዮማ። ኤርትራ ብዝተፈላለየ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ሳይኮሎጂያውን ምኽንያታት ኣብ ትሕቲ ፖለቲካዊ ካባ ወኪል ኢትዮጵያ ፍጹም ክትኣቱ ስለዘይትኽእል ድማ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ምምሕዳራት ኣሜሪካን ዞባዊ ወኪሎም ስርዓት ወያነን ንምቁጽጻራ ክጽዕሩ፡ እዚ እንተ ዘይሰለጠ ከኣ ንሃገራዊ ስርዓታ ብምቕያር፡ ንናይ ኢትዮጵያ ወኪልን ብውክልና ዝመዘዞ ምምሕዳር ኣሜሪካን ዝኽድም ሃሱስ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ንምትካል ተበጊሶም። ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣንጻር ኤርትራ ዝተኸተልዎ እስትራተጂ ኣሜሪካ ኣብዞም ዝስዕቡ ሸሞንተ ቀንዲ ነጥቢታት ተጸሚቑ ክቀርብ ይኽእል።

1- ንኤርትራ ምስ ጉረባብታ ሃገራት ናይ ዶብ ሽግር፡ ምስ የመን ብዛዕባ እኩባት ደሴታት ሓኒሽ-ዘቁር ኣብ 1995፡ ካልኣይ ምስ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ባድመ ኣብ 1998፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ምስ ጂቡቲ ብዛዕባ ዱሜራ ኣብ 2008 ብምምሃዝ ንምንጻላ ሰሪሖም።

2- ጉረባብቲ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብመገዲ'ቲ ብ15 ጥቅምቲ 2002 ብኢትዮጵያ፡ ሱዳንን የመንን ዝተመስረተን ኣብ 2004 ሶማል፡ ኣብ 2010 ድማ ጂቡቲ ዝተጸንበራኦን "ምትእኽኻብ ሰንዓ" ኣቢለን ብምድርን ባሕሪን ፖለቲካውን ቍጠባውን ከበባ ኣካይደን።

3- ስርዓት ወያነ ኣብ ክሊ ወተሃደራዊ እስትራተጂ ንኤርትራ ብወተሃደራዊ መዳይ ኣብ ከበባ ንምእታው ዝዓለመ ኣብ ሚያዝያ 2014 ምስ ሱዳንን ጂቡቲን ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ምክልኻል ስምምዕ ኸቲሙ።

4- ስርዓት ወያነ ካብ [2002-2018] ን16 ዓመታት ምሉእ ብቐጥታ ይኹን ብመገዲ'ቶም ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተፍኦም ባእታታት ኣቢሉ ርግኣትን ሰላምን ኤርትራ ንምህዋኽ ንኽሰርሕ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ኣተባቢያምዎ እዮም። እቲ ጉዳይ ግን በዚ'ውን ኣየብቅዐን። የግዳስ ኣገልግሎት ዜና ሮይተር ካብ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝሓበሮ፡ መራሕቲ ወያነ ብቀዳምነት ከኣ ቀዳማይ ሚኒስተርም መለስ ዜናዊ ብ21 ሚያዝያ 2011 ብመሰረት'ቲ ንትግባረኡ ዝተመዘዘሉ ተራ ብውክልና ዝሰርሕ ሃሱስ ስርዓት ንምትካል ንሃገራዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቅያር ከም ዝሰርሕ ብግህዶ ገሊጹ። እንተኾነ ግን ኣይሰለጦን።

5- ንኤርትራ ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጉኣን ኢትዮጵያን ዝፈጠርዎ ናይ ኣይሰላም ኣይኩናት ሃዋሁው ቍጠባኣ ንምጽንቃቕን ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድኻምን ብዝተኸተልዎ እስትራተጂ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ንስምምዕ ኣልጀርስ፡ ንሓላፍነት ባይቶ ጸጥታን ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብምግሃስ ነቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝሓለፈ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ንትግባረኡ ዝነጸገ ስርዓት ወያነ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ፖለቲካዊ ጉልባብ ክገብርሉ'ዮም ወሲኖም።

6- ብመሰረት'ቲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎ እገዳ፡ ኤርትራ ብዓንቀጽ 51 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነፍሳ ንምክልኻል ንዘፍቅደላ መሰል ንኸይትጥቀም ምእንቲ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ መቀያየሪን ንኸይትገዝእ ሓሪሙዋ እዩ። ብኣንጻሩ እቲ ኣንጻር ውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደው ብምባል ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ጉቢጡ ዘሎ ስርዓት ወያነ ንዋሽንግቶን ጸግዒ ገይሩ ንባይቶ ጸጥታ ብምብዳህ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣጽዋር ክሽምት ክኢሉ እዩ። ከም ዝፍለጥ ብመሰረት'ቲ ብ18 ሰነን 12 ታሕሳስን 2000 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዕራፍ ሸውዓተ ተመርኲሱ ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ናይ ምስግዳድ ሓላፍነት ኣለዎ። እንተኾነ ግን ህጣም ብምጥፋእ ትም ክብል'ዩ መሪጹ። ስለዚ በዚ ጉዳይ'ዚ እቶም ንዞባዊ ወኪሎም ስርዓት ወያነ ምሉእ ፖለቲካዊ ጉልባብ ዝገበሩ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ጥራሕ ንበይኖም ሓላፍነት ዝስከሙ ኣይኮኑን። እኳ ድኣ ዝተረፉ 14 ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ'ውን ብማዕረ ሓላፍነት ዝስከማ እየን።

7- እዚ ኩሉ ኣዕናዊ ፖሊስታት'ዚ ኣብ ልዕሊ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ሓይልታት ምክልኻሉን ምስ ተሓምሸሸ ድማ፡ እተን ንሓርነት፡ ናጽነት፡ ልምዓትን ብልጽግናን ኤርትራ ዝጻብኣ ሃገራት ንዓንዲ ሕቄ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንምስባር፡ ብደቂ-ኣዳም ዝነግዱ ጭፍራ ጉጅለታት ብምቛም ነቲ ቀንዲ ዋሕስ ሃገር ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ብመሬትን ባሕርን ካብ ሃገሩ ንምብራር ስራሕና ኢለን ተተሓሒዘንአን። ተመሊሶም ድማ ኣብ ሰነ 2012 መንግስቲ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት ይግህስ ኣሎ ዝብል ብመገዲ ወኪሎም ሺላ ኪስሩስ ኣብ ውጹእ ሓሶት ዝተሰረተ ክሲ መስሪቶም። እንተኾነ ግን ሓሶት ዕድመ ስለዘይብሉ እዚ ውጹእ ሓሶት'ዚ እውን

ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ብፍላይ ከአ ኣብ 13 ጥቅምቲ 2018 ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ ከም ኣባል ባይቶ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ምስ መረጸ፡ ከም ኩሉ ካልእ ዝመሃዝዎ ሓሶታት በርዒኑ። ስለዚ ከአ እዚ ፍጻመ'ዚ ኤርትራ ካብ ኩሉ'ቲ ማዕከት ዜና ኣብዝን ኣብትን ብዘይኣፍልጦ ድዩ ዋላስ ብዕላማ ዘቃልሕኦን ዝነዝሕኦን ዝነበራ ክሲታት ናጻ ምዃና ዘረጋግጽ ጭቡጥ መርትዖ እዩ።

8- ዝርአ፡ ዝሰማዕ፡ ዝንበብን ኤለክትሮኒካውን ኣህጉራዊ ማዕከናት ዜና ንኤርትራ ንምሽይጣንን ኣብ ኩሉ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን መጋባእያታት ምስላ ንምድዋንን ሰራሕና ኢለን ተተሓሒዘንአ። እዘን ማዕከናት ዜና እዚኣተን ንብዙሓት ሰባት ንነዊሕ ዓመታት ከደናግራ'ኳ እንተ ኸኣላ፡ ንኩሉ ሰብ ንኹሉ ግዜ ከደናግርአ ግን ኣይከኣላን። ፍሹል ፕሮፓጋንዳአን ኣብ ኩሉ መዳያት እናተቃልዐን እናፈኾሰን ከይዱ።

## ራብዓይ፦ እገዳ ንምልዓል ዘደረኸ ሓቀኛ ምኽንያታት

ኣብ መደምደምታ፡ ሓሙሽተ ቀንዲ ረቛሒታት ተደማሚሮም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንእስትራተጂታት ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካን ወያነን ከም ዝፈሸል ገይሮም። እዞም ረቛሒታት እዚኣቶም ከኣ፦

1- ህዝብን መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ኣብ ቅድሚ ኩሉ ተጻብኦታት ደው ብምባል ነቲ ንኤርትራ ብፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምራውን መዳያት ንምድኻማ ዝተኣልመ ውጥናት ኣሜሪካን ወያነን ስለዘፍሸልዎ እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቅያር ዘበገስዎ ውጥን'ውን ፈሺሉ።

2- ኣብ ሕሳባት ጻዕዳ-ህንጻን ወያነን ዝይነበረ ምዕባለታት'ውን ኣብ ሜዳ ኢትዮጵያ ተጋሂዱ። ኣብ 2005 ዝተኻየደ ምርጫታት ወያነ ኸሲሩዎ። እንተኾነ ግን ንድምጺታት ምርጫ ስለዘተምየኖ ገለ

ኣህጉራውያን ወገናት ሓንቲ ካብኣቶም ወኪል ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ኢትዮጵያ ኣና ጆሚስ ኾኒናቶ። እዚ ድማ ዕድመ ስርዓት ወያነ ቀስ ብቀስ ከንቀልቁል ከም ዝጀመረ ዝሕብር'ዩ ነይሩ። ኣብ 2015 ድማ ደምሳሲ ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ስርዓት ወያነ ኣብ 2018 ካብ ስሩ ተማሕዩ። መተካእታኡ ኸኣ ኣብ ኢትዮጵያ ብ2 ሚያዝያ 2018 ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት ብመሪሕነት ዶክቶር ኣቢዩ ኣሕመድ ዓሊ መጺኡ። ንግዳማውን ውሽጣውን ሽግራት ኢትዮጵያ እንኮላይ ምስ ኤርትራን ምስሪን ንምፍታሕ ዝዓለመ ፖሊሲ ኸኣ ሓንጺጹ። ስለዚ ከኣ ብ18 ሰነ 2018 ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ከም ዝቕበሎን ምስ ኤርትራ ድማ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝተሰረተ ሓድሽ ፖለቲካዊ ዝምድና ንምቛም ድሌት ከም ዘለዎን ገሊጹ። ከምኡ'ውን ብ10 ሰነ 2018 ናብ ካይሮ ኣብ ዝገበሮ ዑደት ንብጽሒት ምስሪ ካብ ማይ ናይል ዝጎድእ ውሳነ ከምዘይወስዱ ቃል ኣትዩ።

3- ኣብ 20 ጥሪ 2017 እውን ንጉዳይ ጻዕዳ-ህንጻ ዘመሓድር ሓድሽ ምምሕዳር ኣሜሪካ መጺኡ። እዚ ድማ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ንጉዳይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃን ብዞባውያን ወኪላት ናይ ምምሕዳር ፖሊሲ ዝነበሮም ሰለስተ ምምሕዳራት ማለት ምምሕዳር ፕረዚደንት ቢልክሊንቶን፣ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶን ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማን ዝተፈልየ ፖሊሲ ወሲዱ።

4- ሽግር የመን'ውን እንተኾነ ኣብ ጸጥታን ርግኣትን ናይ'ዚ ኣብ ዞባዊ፣ ክፍለ-ዓለማዊ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ ወሽመጥ ዓረብን ዓለምን ልዑል ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ወተሃደራውን እስትራተጂያውን ኣገዳስነት ዘለዎ ገማግም ቀይሕ ባሕሪን መጻብቦ ባብ ኤልመንደብን ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ

ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር፡ ሃገረ ኤርትራ ኣብዚ ቀንዲ ክፋል ኣህጉር ኣፍሪቃን ኤስያን ዝኾነ ዞባ ጸጥታ፡ ርግኣትን ሰላምን ንምርግጋጽን ንግብረሽበራ፡ ግብረሽበራውያንን ብደቂ ኣዳም ዝነግዱ ጉጅለታትን ኣብ ምምካትን ኣቃሊልካ ዘይርአ ተራ ተጻዊታን ትጻወት ኣላን። ከም ዝፍለጥ ሃገረ ኤርትራ ካብ ራስ ቄሳር ሰሜን ዶብ ሱዳን ጀሚሩ ክሳብ ዲር-ዒላ ዶብ ጂቡቲ ዝዝርጋሕ 1220 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪን ልዕሊ 300 ደሴታትን ከምኡውን ኣብ ማእከል ቀይሕ ባሕሪ 127 ደሴታት ዝሓቀፈት እኩባት ደሴታት ዳህላክን ስለእትውንን ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ንሰሜናዊ መእተዊ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ብመገዲ እኩባት ደሴታት ማሕበካ፡ ፋጥማን ሓለብን ራስ-ዱሜራን ስለእትቆጻጸር ኣብ ውሽጢ'ዚ ዘይምቹእ ኩነታት ከቢድ ጾር'ዩ ዘለዋ። ይኹነ'ምበር ምስዚ ኩሉ ግን ኤርትራ ካብ ሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ሓላፍነታ ተበጊሳ ብዘይርኣዩለይን ስምዑለይን ተራ ትጻወት ኣላ።

5- ሓሶት ብኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ዋላ እንተ ጸደቀን ብዙሓት ሃገራት ዓለም እንተ ደገፍኦን ኣብ መጨረሽታ ሓሶት ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ። ሓቂ'ውን ዋላ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ንእሽቶ ሃገር ብጐረባብቲ ሃገራት ከበባ፡ ብዓበይቲ ሃገራትን ዞባውያን፡ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባትን ኣካላትን ተጻብእ እናገጠማ እትከላኸለሉ ትኹን እምበር ኣብ መወዳእታ ተዓዋቲ እዩ።
እቲ ብመሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዕራፍ ሸውዓተ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብ14 ሕዳር 2018 ክልዓል ዝገበሮ ኸኣ እዚ ዝተጠቕሰ ሓሙሽተ ረቛሒታት እዩ።

**ሎሚ ከም ትማሊ ይመስል፡ ታሪኽዶ ይድገም ኣሎ!?**
ኣብ መደምደምታ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብመገዲ ዞባዊ ወኪላ ስርዓት ወያነ ንምርግጋጽ

ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሙቶ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን እዚ ኣብ 2009 ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኣት ሃገራትን ተሓጊዛ ዝወሰኑቶ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ናይ መጀመርታ ከም ዘይኮነ ህዝቢ ኤርትራ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። ትማሊ ቀረባ-ርሑቕ ማለት ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ ሊብያን ሶማልን ናጽነታ ክትረክብን ህዝቢ ኤርትራ ሕጋዊ ርእሰ-ውሳነ መሰሉ ክጥቀምን ነይሩዎ። እንተኾነ ግን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብሓይሊ ንሕጋዊ፡ ታሪኻውን ፖለቲካውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ረጊጹ፡ ኣብ 1950 ንኤርትራ ብፈደረሽን ከም እትቁረን ገይሩ።እዚ ሓቂ'ዚ ኸኣ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ "ብሕጋዊ መገዲ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ፡ እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ምስ ፈታዊትና ኢትዮጵያ ክንቀርና ኣገዲዱና" ክብል ብትዕቢትን ትምክሕትን ገሊጹ።

ድሕሪ 41 ዓመት ፖለቲካውን ዕጥቃውን ታልሲን ጅግንነታዊ ተወፋይነትን ግን ህዝቢ ኤርትራ ብ25 ግንቦት 1991 ሓርነቱ ብቅልጽሙ ኣረጋጊጹ። ነቲ ብደም ብሉጻት ደቁ ዘምጽኦ ናጽነት ድማ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዓለምን ከሰገድዶ ይኽእል ነይሩ። እንተኾነ ንናጽነቱ ሕጋውነት ከልብሶን ነቲ ዝተሓረሞ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ርእሰ ውሳነ መሰሉ ክትግብርን ስለዝመረጸ ግን ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ዞባውያን፡ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ሕጂ (ሕብረት ኣፍሪቃ) ዝተሳተፍዎ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም ክካየድ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ወዲቡ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ 99.8 ሚኢታዊት እወ ንናጽነት ብምድማጽ ወሳኒ ታሪኻዊ ቃሉ ኣስሚዑ።

እተን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን ዝፈጸማ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ሃገራትን ውድባትን ድማ ንናጽነቱ የሃና ንምባል ተቀዳዲመን። እዘን ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት እዚኣተን ከኣ እየን ኣብ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ኣብ ምሕላፍ ዝተዋስኣ። እንሆ ከኣ ሎሚ እገዳ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብምልዓሉ የሃና ንምባል ይቀዳደማ።
ሎሚ ከም ትማሊ ይመስል፡ ታሪኽዶ ይድገም ኣሎ!?